# ማ. ኤርትራውያን ንሰላምን ደሞክራስን ኣብ ስዊስ
## ኣባል ሲቪላውያን ማሕበራት ኤውሮጳ፡ ጀኔቭ፡ 19.09.2005

**ዓይኒ ኣይዕመትን እዩ፡ ኣይንባዕንዩ ጸባ...** /መም. ኣ.ዓ./

ወርሒ መስከረም፡ ካብ ህዝባዊ በዓላትና፡ ሓንቲ ካብተን፡ ክብርትን ቅድስትን፡ ወርሒ ኢያ። ካብ ኣርጊት ዓመት ናብ ሓዲስ ዓመት ንሰግረላ፡ ዳሜራ ንውላዓላ፡ ካብ ዓጸባን ድኻምን ክረምቲ ወጺእና፡ ኣብ ሰዊትን ጸባን፡ ቀውዒ ንሰጋገረላ፡ ትምህርቲ ንጅምረላ፡ ሕጸን መርዓን ንሓስበላ፡ ደስታን ፍስሃን ነስተማቅረላ፡ ሰብን ከብትን ካብ ዓዲ ኣርሒቕም ዝጸንሑ ዝምለሱላ፡ ወርሒ ተስፋን፡ ፍቅሪን፡ እምነትን ኢያ። በዚ ኣጋጣሚ ድማ እንቋዕ ናብ ሓዲስ ዓመት ኣሰጋገረና ንብል።

ወርሒ መስከረም፡ ካብ መንግስታውያን በዓላትና ኣደ ኩለን ሃገራውያን በዓልትና ኢያ። ክቡር ጅግና ተጋዳላይ እድሪስ ኣሕመድ ዓዋተ ምስ ሾብዓተ ብጾቱ፡ ነቲ ሹዑ ክትንከፍ ዘይመስል ዝነበረ ሓይሊ ኢትዮጵያ፡ ብትብዓት ዝመከተላ፡ ስለ ዝኾነ ወርሒ መኸተ ኢያ። ንመሰልና፡ ተሰዊኦም ክንስዋእ፡ ጸኒዖም ክንጸን፡ ብተስፋን ብእምነትን ብፍቅርን ለጊሶምልና። መንገዲ ክብረት እንኮ መኸተ  ምዃኑ ዘምሃሩናን ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ስዒብዎም፡ ብሂወትን፡ ብጸሎትን ብጾምን ብጻዕርን ናጽነትና ዓቲርና።

ወርሒ መሰከርም መስትያት ስራሕና ስለ ዝኾነት፡ ሕድሪ ስዉእትና ተፈጺሞዶ ኢልና፡ ንጸባጸበላን ኣብ ፍርዲ ንቀርበላን ወርሒ እውን ኢያ። ሕድሪ ስዉኣትና፡ "ዓወት ንሓፋሽ" እናበሉ ዝተሰዉኡሉ ዕላማ ተዓዊቱዶ? ሃገር ከመይ ኣላ? ክንብልን ንነፍስና ሓቲትና፡ ጽቡቕ እንተለና ክንቅጽል ሕማቕ እንተሎና ድማ ክንምለስ ተዘኻኺርና ወርሒ ኢያ። ክሳድ ስለምታይ ተፈጢሩ፡ ኣዛዊሩ ክርኢ" ከም ዝበሃል ንየማን ንጸጋም እስከ ቁልሕ ንበል፡ እንታይ ንርኢ ኣሎና? ዝሓለፈ ሶሙን ኣብ ጎደና ኣስመራ መንእሰይ ብጥይት ክሰልዕዎ፡ ኣብ ገማግም ባሕሪ ጣልያን መንእሰይና ሬሳታቶም ከም ዓሳታት ክግፉዎ ኣይረኤናንዶ?

**መስከረም ብዓይኒ ስዉኣትና እንተትሕተ፡ ነዚ ሃገርና ረኺባቶ ዘላ ሕሰም፡ ከይፈርሔት ይኣኽለካ፡**

.መንግስቲ፡ ንዓሰርተ ኣርባዕተ ዓመት ገቢትካ፡ ሃገር ብኩናትን ብጥሜትን ብማእሰርትን ረሚስካ፡
.ሃገራዊ ኣገልግሎት እናበልካ፡ ባርነት ኣታእታቲኻ ጉልበት መንእሰይ ብሓይሊ መምዝሚዝካ፡
.ንሾብዓተ ዓመት፡ መዝሙር ኲናት ዘሚርካ፡ 19.000ሺሕ ቀቲልካ፡
.ሃገር ካብ ጎረባብቲን ፈተውትን ነጺልካ፡ ኣዕኒኻ፡
.ብሰላማዊ ኣገባብ ፍትሕን ሕጊን ንዝሓተቱ ዜጋታት ንዓመታት ብዘይሕጊ ኣሲርካ፡
.ብዓኣሳክር ሃገር ኣማሓዲርካ፡ ዓስከር ኣብ መዓስከር፡ ክንዲ ዝኸውን ኣብ ፖሎቲካ ኤቲኻዮም፡
.ንነጋዶን ሸቓጦን ኣድኪኻ፡ ብውድብን ብመንግስትን ክሳብ ዝነኣሰት ኣብ ጽርግያ ትፍርጅ ኮሞዶረ ሸቒጥካ፡
.ጸረ ትምህርቲ ተንሲእካ፡ ዩንፈርስትን ሰከንደርን ዓጺኻ፡ ኣብ ባርዕ ምድረበዳ ተማህሮ ኣሲርካ፡ ቀቲልካ፡
.ጸረ እምነትን መራሕቲ ሃይማኖትን፡ ተላዒልካ፡ ኣረሜንነት እንጊስካ፡ ስድራቤታት በታቲንካ፡
.ንተቀበልቲ ሕድሪ መንእሳያት ኣሳጉጒካ፡
."መሕወይ ግብሪ" እናበልካ ካብ ህዝቢ ዶላራት ሰሪቕካ፡

**እዚ ዝርኤን ዘይረኤን ከሲሳ ይኣክል፡ ውረድ ንህዝቢ ኣስረክብ ስልጣን ዶ መይበለቶን፡**

<u>ምሃብን ምውሳድ ምስ ዝህሉ ሰላም ዘሎ። ክትወስድ ጥራይ ምሕሳብ ግን ንሰላም ኣይዕድምን።</u>

መንግስቲ ኤርትራ በቲ ምሳርሒኡ ህግደፍ፡ ጌሩ "ስትራስቡር ሰላማዊ ሰልፊ ክንገብር ተወደብ ተሸባሸብ፡ ብሰላምዊ መንገዲ ጉዳይና ክፍታሕ ኣብ እዚ ፈርሙልና" እናበሉ ገዛ ገዛ ይዞሩ ኣሎው። ዲክታቶር ኤርትራ ኣብ ህዝብና ዝለመዶ ኣብ ካልኦት እውን ክገብሮ ስለ ዘየሕፈሮ ንግብረ ሰናይ፡ ከይተረፈ ይኸትር ኣሎ። "ዘረባይ ጥራይ ስምዑ ደቐኹምን ገንዘብኩን ሃቡ" ክብል ነቶም እንቢ ዝብልዎ ድማ ሳጓ "ወያኔ" ስለ ዘውጻኣሎም ሰብ ይሰናበድን ይስከፍን ኣሎ። እንተኾነ መሳርሕቱ፡ ኣብ ሓደ ነጸላ ንዓመታት ምስኡ ዝደቀሱ፡ ከምኡ እውን ፕሎቲከኛታትን፡ ሸኻትን፡ ካህናትን፡ ጋዜጠኛታትን፡ ብሰላማዊ መንገዲ ቅዋም ክትግባር ሕጊ ልዕሊ ሰብ ክነግስ ዝሓተቱ ኣብ ትሕቲ መሬት ኣስፊርዎም ዘሎ፡ ጣላም ንሱ ምተሰከፈ ወይ እቶም ደገፍቱ። ዲክታቶር ግን ዓይኒ ዝነቁር ሓሶት መግቢ ዕለቱ እዩ።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኻኹናት መናዊሒ ስልጣኑ ኢዩ ዝጥቀመሉ። ዲክታቶር ኤርትራ፡ ንኣባል ፓርላማ ካናዳ ኣቶ ኣኽዎርቲ Mr.Axworthy ንጉዳይ ኲናት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ክርኢን ክሽምግልን ክፍጽምን ብቤት ጽሕፈት ዋና ጸሓፊ ኮፊ ኣናን ዝተመዘዘ፡ ወኪል ሕቡራት መንግስታት፡ ከይቅበሎ ኤርትራ ገጹ ከይቅልቀል ተእጊዱ ፡ ኣብ ዲፕሎማሲ ድማ "ጸሓይ ኣይትበርቕን ኢያ" ዝዓይነቱ ትምኪሕቲ፡ ንዓለም ገሪምዎ ከም ዘሎ ብሩህ እዩ። ብዘይካ ኲናት ካልእ ኣማራጺ የልቦን እናበለ፡ ብማዕከናት ዜና ክፍክር ጸኒሑ ሎሚ መንግስቲ ኤርትራ፡ ንህዝብናን ንዓለምን ከደናግር ፡ ዶብና ብስላም ክፍታሕ ኣብ እዚ ፈርሙልና እናበሉ ገዛ ገዛ ምዛሮም ይገርመና። ባድሜ ቅድሚ ኲናት፡ ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ ንዕስራ ዓመት ትማሓደር ከም ዝጸንሔት ብሩህ እዩ። ሕጅ እውን ኣብ ኢዶም ኣላ። እዚ ማለት ግን ናቶም እያ ዘስሚዕ ኣይኮነን፡ ብዕሊ ቤት ፍርዲ ዓለም ንኤርትራ ከም ትግባእ በይኑ እዩ። እንተኾነ ባድሜ ይኹን ካልእ መሬትና ብሕጊ ክመጽእ፡ ዓለም ይሽምግለናን ይልምነናን ኣሎ። ኣሜሪካ ይኹን ናይ ኤውሮጳ መንግስታት ኲናት ደጊሙ ከይደገም፡ ናይ ሰላም ወተሃደር፡ ኣብ መንጎናን ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን ዘሎ መንዶ ይኸፍሎ ኣሎ? መ. ኤርትራ ነቲ ደሞዞም ንኣይ ሃቡኒ ንኣኦም ድማ ብነቕፉ ክኸፍሎም ክብል ተሪፍዎ ኣሎ? እንበር ዓለም ብዓለሙ ኮፍ በል፡ ተዘራረብ ክብልዎ ከለዉ፡ ብጸሓይን ምሒሉ ዘሎ፡ ንሕና ህዝብና እዚ ዲክታቶር ሃገር ኸጥፍእ ዓጢቑ ከም ዘሎ ንሕብር ኣሎና። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት፡ ዲክታቶር ኢዩ። ቅድሚኡ ዝነበሩ ዲክታቶራት፡ ከም ኣብነት እንተውሰድና ናይ ኢትዮጵያ /መንግስቱ/ ናይ ሶማልያ /ባረ/፡ ናይ ሃይቲ /ባባዶግ/፡ ናይ ሩማንያን /ቸቸንኩ/ ናይ ኢራቕ /ሳዳም/  ሃገር ግብ ትበል፡ ህዝቢ ብሕማምን ብኲናትን ይርገፍ፡ መንእሰይ ሃጽ ኢሉ ይጥፋእ፡ ኣይግድሶምን ኢዩ። መንእሰይና ይስደድ ኣሎ። ህዝቢና ብጥሜትን ብሓደስቲ ሕማማትን ይረግፍ ኣሎ። ኲናትን ምጽባእን ደው ኣይበለን። ስለእዚ ሎሚ ኣንጻር ዲክታቶራዊ ስርዓት ኤርትራ ሰላማዊ ሰልፊ ክንገበር ምተገባኣና።

ኣብ ስደት ትነብር ህዝብና፡ ልብኻ ንሃገርካን ንህዝብኻ ኣይጨክን። ናብራ ሓላፊ እዩ። መሳቱ ደቕና ክስደዱ ትርኢ ኣሎኻ። ትምህርቲ ህግደፍ ንኣይ ይጥዓመኒ ኣይጽሎኻ። ካብ "ኤርትራ ምኻድ ከይትዕገት" እናበልካ መሳሪሒኦም ኣይትኹን። ወርሒ መስከረም ነዚ ዓይነት ጭቆና ክንምክት፡ ኣምሂራትካ ኢያ። ቃልሲ ጥዑምን ፈኩስን የሎን ንጽናዕ፡ መኸተና ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ክሕይል ዝያዳ ጻዕርን ተወፋይነትን ክንገብር መስከረም ትሓተና ኣላ።

**ቀጽሪ ሰላምን ደምክራስን ይዓንብብ!**

**ማሕበር ኤርትራውያን ንሰላምን ንዶሞክራስን ኣብ ስዊስ / eritreans_ch@yahoo.com /**